በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኣሓዱ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

ብምኽንያት ቅዱስ ብዓል መስቀል ዝተዳለወ ፍሉይ መንፈሳዊ ሰሚናር

# “በጊዜ ኣብዳን ኩኑ ጠቢባን”

## ቅ. ጴጥሮስን ኃዋርያትን ግና “ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ  እዩ ዝግባእ” ብሉ። ግብ. ሃዋርያት 5፡29


ብቀሺ ዲበክሉ ላይነን

ዲ. ቴድሮስ ተስፋይን

ቅድስት ማርያም ኤርትራ ኦ.ተ.ቤ/ክ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ


መስከረም 27/2008

መስከረም 17/ 2001 ግእዝ።

# ግዜ ኣብዳን እንታይ ማለት'ዩ ?

- ህሉው ኩነታት ቤተክርስትያንና ብ "ግዜ ኣብዳን" ኪግለጽ ይኽእል። ሕጊ ዘኽበረ ዝግፍዓሉ፡ ሕጊ ዝግሃሰ ዝንኣደሉ ግዜ ማለት እዩ። ሕጊ ዝጠፍኣሉ ፍርዲ ዝቐነነሉ ግዜ ማለት እዩ።
- ኣብ ታሪኽ ቅዱሳን ከኣ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን።
- "ኦ እግዚኣብሔር ክትረድኣኒ ኢለ ንነዊሕ እዋን ናባኻ ኣእዌኹ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ዘይትሰምዓኒ? "ይዕምጹና ኣሎዉ" ኢለ ናባኻ ኣእዌኹ ንስኻ ግና ኣየድሓንካናን። ስለምንታይ ክፍኣት ኪርኢ ትሓድገኒ? ንስኻኸ ስለምንታይ ዓመጽ እናረኣኻ ሸለል እትብል? ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ። ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ። ሕጊ ደኺሙ፡ ፍትሒውን ጠፊኡ። ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጾሉ ኣሎ። ፍርዲውን ቀኒኑ።" ነብዩ እንባቆም 2፡1-4።

# ኣብ ግዜ ኣብዳን ዘድልየና ጥበብ እንታይ እዩ?

❖ጥበብ ንኣምላኽ እኽቢሮም ዝሓለፉ ቅዱሳን'ዩ "ፍርሃት እግዚኣብሔር ንጥበብ መጀመርያኣ እዩ" ምሳሌ 1፡7

❖ጥበብ ኣቦታትና ሃዋርያት እዩ። ጴጥሮስን ሃዋርያትን ግና "ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዝግባእ" ብሉ። ግብ. ሃዋርያት 5፡29፤ 4፡19።

❖ ከም ኣቦና ቅ. ኣትናቴዎስ ዝኣመሰለ ጥበብ የድልየና። ሰዓብቱ ከይተረፉ፡ ዓለም ብስሑት ትምህርቲ ኣርዮስ ሰዲዓ እያ ነፍስኻ ኣይትወጽዕ ኪብልዎ ከሎዉ ""ኣትናቴዎስ ከኣ ምእንቲ እምነት ክርስቶስ ኣንጻር ኩሉ ዓለም ዓጢቐ ኣሎኹ" በለ።

❖(St. Athanasius Contra Mundum / Against the World)።

❖ብዙሓት ሰባት ግን ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝን ሕጊ ቤተክርስትያንን ብዘየገድስ፡ ምስ ህሉው ኩነታት ምጉዓዝ ከም ጥበብ ይቖጽርዎ። ብኣፎም እንተዘይበልዎ ብግብሮም ግን "መጀመርያ ጥበብሲ ንሰብ ምፍራህ እዩ" ይብሉ። (ንኣብነት ኣብ ቤ/ክርስትያንና ዝተጣሕሰ ሕጊ የሎን ኢሉ ኣፉ መሊኡ ዝዛረብ ሰብ ዳርጋ ኣይንሰምዕን ኢና።...እሞ'ዩ...እቲ ዘረባ...)

❖ ኣጸድ እታ ንምሉእ ዘመኖም ዘገልገልዋ ቤተክርስትያን ከይረግጹ ዝተኣገዱ ሊቃውንቲ ቤተክርስትያን ብዙሓት እዮም።

❖ ገበኖም እንታይ ምዃኑ ዘይተነግሮም ኣብ እስሪ ቤት ዝርከቡ ምሁራት ካህናት ኣለዉ።

❖ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣብ ከቢድ ቅልውላውን ነውጽን ኣላ። ህዝብና ኣብ ዝተሰዶ ዘበለ ቤተክርስትያንና ተራእዩ ዘይፈልጥ ባእስን ክርክርን በዚሑ። ኣብ ገዝኦም ምዕጻው ዝመረጹ ውሑዳት ኣይኮኑን።

❖ ቤተክርስትያን ኤርትራ ካብ ኣሓት ኦርየንታል ትዋህዶ ቤተክርስትያናት፡ ዓለም ለኻዊ ማሕበር ቤተክርስትያናትን ተነጺላ።

❖ ሕዝብና ቅኑዓትን፡ ዘይቅኑዓት ንኽብዶም ዝነብሩን መራሕቲ መን ምዃኖም በሪህሉ። ነቶም ኣብ ኃዋርያዊ መስመሮምን፡ ሕጊ ቤተክርስትያንን ጸኒዖም ኣብዚ ከቢድ እዋን ብቐንዕና ዘገልግሉ ዘሎዉ ውሉደ ክህነት ብህዝብና ይኽብሩ ኣሎዉ።

❖ገለገለ ኣካላት ነቲ ጉዳይ ዘይመልክዑ ከትሕዝዎ ብዙሕ ፈቲኖም። እቲ ጉዳይ ከም ጽሓይ ቀትሪ ብሩህ ስለዝኾነ፡ ሃሊኾም እምበር ንሓቂ ኪቐብርዋ ኣይከኣሉን። እታ ሕቶ ሓንቲ እያ፡ ንሳ ኸኣ "እቲ ብ325 ኣብ ጉባኤ ንቅያ ብኣቦታትና ዝቖመ ሕጊ ተጋሂሱ ስለዘሎ ሕግና ይከበረልና።"

## ቤተክርስትያንና ብኸመይ ናብዚ ናይ ሕጂ ኩነታት ወዲቓ? እቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ትንሣኤ ቤተክርስትያን ዘተስፉ ዕዮ ብኸመይ ተቖጽየ?

- 1ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ፍሊጶስ (1998-2002)። ወዲ 107 ዓመታት ደኺሙኒ ከይበሉ ንቤተክርስትያኖም ኣገልጊሎም። ናብዚ መጺኦም ብወግዒ ንንኡስ ሃገረ ስብከት ባሪኾምዎን ኣበራቲዖሞን። ቪድዮ ተመልከት።

- ቪድዮ 0 – 2.26 ሚንትስ ተመልከት
- http://video.google.com/videoplay?docid=-1753103502601614093&ei=tq7dSJD6LZe2qAOwrd2WCw

## ቤተክርስትያንና ብኸመይ ናብዚ ናይ ሕጂ ኩነታት ወዲቓ? እቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ትንሣኤ ቤተክርስትያን ዘተስፉ ዕዮ ብኸመይ ተቖጽየ?

❖ ካብ ፓትርያርክ ኣቡነ ፍሊጶስ ዝተላእኩ፡ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ እንጦንዮስን (ቅድሚ ፓትርያርክ ምዃኖም) ኣቡነ ድዮስቆሮስን ኣብ 2002 ዑደት ጌሮም፡ ህዝብና ንጻዊዕቶም ሰሚዑ ልዕሊ 160,000 ዶላር ኣዋጺኡ ብሓጎስ ኣፋንይዎም። ንሳቶም ዝሃብዎ ምስክርነት ኣብ ቪድዮ ንመልከት።

❖Abune Antonios and Abune Dioskoros Visiting N.America!

❖ ቪድዮ 0 – 12 ሚንትስ ንመልከት

❖ http://0.gvt0.com/ThumbnailServer2?app=vss&contentid=69f26e374bd488a4&offsetms=5000&itag=w160&hl=en&sigh=_XW1TB5A2ughDDC9zYhVHM6fh_M

# 2ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ያዕቆብ (2002-2003)



# 3ይ ፓትርያርክ  ኣቡነ እንጦንዮስ (2003-ቀጻሊ)

- እምነ-መሰረት ቅ. ማርቆስ ቲኦሎጂ (ስነ-መለኮት) ኮለጅ።



# ትምህርቲ ቤተክርስትያን፡ ዶግማን + ቀነኖናን




መሠረት ናይ ቀነኖ ቤተክርስትያን፡-መጽሓፈ ሥርዓተ ጽዮን፤ መጽሓፈ ትእዛዝ፤ መጽሓፈ ግጽው፤መጽሓፈ ኣብጥሊስ፤ መጽሓፈ ኪዳን (1ይን 2ይን)፤ ቀሌመንጦስ፡ ዲድስቅልያ እዩ።

እዚ መጻሕፍቲ ኣዝዩ ሰፊሕዩ፡ ንኣብነት ዲድስቅልያ ቮልይምስ I-IV ይበጽሕ

ስለዚ ግዚያዊ ሲኖዶስ መጀመርያ ሕጊ ዘርቕቑ ሰይሙ፡ ብድሕሬኡ ከካብ ሃገረ ስብከትን ገዳማትን ነፍሲወከፎም 15 ሊቃውንቲ ልኢኹ ካብ 18-20 ነሓሰ 1987 (1995 ፈረንጂ) ብደቂቕ ኣጽኒዑ ምስወድአ፡ ከምእንደገና ናብ ዝሰፍሐ ካህናትን ምእመናንን ተኻቲዖም ኣጽፊፎም ምስወድኡ ጸደቐ።

ምንጪ፡ “መጽሓፈ ብርሃን” ብኣባ ገ/እግዚኣብሔርን ኣባ ወልደ ኣብርሃምን፡ ማሕበር ደብረ ቢዘን

# ኣብ 2005 ኣብ ቤተክርስትያንና ከቢድ ጸገም ተፈጢሩ

- ጠንቂ ናይቲ ጸገም እቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ብ2002 ኪሕግዘኩም ምሁር ሰብ ሂብናኩም ኣሎና ተባሂሉ ዝመጸ ኣቶ ዮፍታሀ ቀሺ ዲሞጥሮስ ነቲ በተሳትፎ ኩለን ሃገረ ስብከታትን ገዳማትን፡ ሊቃውንትን ምእመናንን ድሕሪ ብዙሕ ክትዕ ብሃገር ደረጃ ዝቖመ ሕገ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፤ ኣብ የካቲት 2005 ዓንቀጻት ቀይሩ ከምብሓድሽ ምስ ኣሕተሞ ጀሚሩ።
- ቅዱስ 3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ድማ ነቲ ሓድሽ መጽሓፍ ኣውጊዞሞ።
- እታ ዝተተምየነት መጽሓፍ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣላ።
- **http://tewahdo.org/TewahdoChurch/ConstOfEChurch.html**

# ኣብ 2005 ኣብ ቤተክርስትያንና ከቢድ ጸገም ተፈጢሩ

- ኣቶ ዮፍታህ ብገዛእ ስልጣኑ ዝቀየሮ ዓንቀጻት
- ዓንቀጽ 32 ቀዋሚ ቅ. ሲኖዶስ፡- ብናይ ቅ. ፓትርያርክ ኣቦ-መንበርነት፡ ካብ ኣባላት ቅ. ሲኖዶስ (ጳጳሳት) ድማ ክልተ በብታራ፡ ናይ ቤተክርስትያን ምምሕዳራዊ ጉዳያት ፈጻምን ኣፈጻምን ጉባኤ እዩ። (ገጽ 22)….ንዝብል ብዋና ኣማሓዳሪ ኣ.ተ. ቤ/ክ ምምሕዳርዊ ጉዳያት ይፍጸም ኪብል ቀይርዎ።
- ዓንቀጽ 96 ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ መዝን ተግባርን፡ …ናይ መንበረ ፓትርያርክ ዋና ጸሓፊ ኮይኑ ብፓትርያርክ ዚሸየም …ቆሞስ፡ ካህን ወይ መዘምር ይኸውን።…ንእትብል ድማ እጥፊእዋ። ዋና ኣማሓዳሪ (ማዕርጉ ብዘየገድስ) ብቅ. ሲኖዶስ ይምረጽ ዝብል ድማ ወሲኹሉ። እቲ ዋና ኣማሓደሪ ከኣ እቶ ዮፍታህ እዩ።
- ቅድሚ ኣቶ ዮፍታህ ከምምሁራት ተሓጋገዝቲ ብምርጫ ቤ/ክ ብዙሓት ኣገልጊሎም እዮም፡- መም. ፍስሃየ፤ መም. ደሴ፡ መም. ግደይ …ነቦታቶም ተእዚዞም ዓይዮም፡ ዋላ ሓደ እኳ ስልጣን ናይ ጳጳስ ይኹን ናይ ፓትርያርክ ኪምንዝዕ ዝሓለነ ኣይነበሮምን። ብኣምላኽ ዓስቦም ይረኽቡ ብህዝበ ክርስትያን ድማ ብጽቡቕ ሽም ይልዓሉ።

# ኣብ ግዜ ኣብዳን ክሳብ እግዚኣብሔር ፍትሒ ዝህብ ጾም፡ ጸሎትን ምህለላን የድሊ።

- **ምረት ነብዩ እንባቆም** “ኦ እግዚኣብሔር ክትረድኣኒ ኢለ ንነዊሕ እዋን ናባኻ ኣእዊኸ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ዘይትሰምዓኒ? “ይዕምጹና ኣሎዉ” ኢለ ናባኻ ኣእዊኸ ንስኻ ግና ኣየድሓንካናን። ስለምንታይ ክፍኣት ኪርኢ ትሓድገኒ? ንስኻኸ ስለምንታይ ዓመጽ እናረአኻ ሸለል እትብል? ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ። ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ። ሕጊ ደኺመ፡ ፍትሒውን ጠፍአ። ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጾሉ ኣሎ። ፍርዲውን ቀነነ።” ነብዩ እንባቆም 1፡1-4።
- መልሲ እግዚኣብሔር... “ብቐልጡፍ ምእንቲ ኺንበብ፡ ነቲ ራእይ ጽሓፎ፡ ኣብ ሰሌዳታትውን ቅረጾ። እቲ ራእይ ንምዱብ ጊዜ እዩ፡ እቲ ዚፍጸመሉ ግዜ ኸኣ ቐልጢፉ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ዘርእየካ ዘሎኹ ራእይ ሓቂ እዩ። ብርግጽ ኪመጽእ፡ ኣይኪድንጉን ድማ እዩ፣ እንተደንጎየ እኳ ተጸበዮ። እቲ መልእኸቲ ‘እቶም እኩይ ዚግብሮም ዕቡያት ብሕይወት ኣይኪነብሩን እዮም። እቶም ጻድቃን ግና ብእምነት ይነብሩ’ ዚብል እዩ” ኢሉ መለሰለይ። 2፡1-5።

# ስርዓተ ምቕባእ 3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ (2003-ቀጻሊ) ዘርኢ ቪድዮ ይስዕብ።

- "ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።" 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3:15።
- ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!

  ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።
- ርሑስ ብዓል መስቀል ይግበረልና! ኣሜን!
- ቅድሚ ቪድዮ ንዝኾነ ምስ ትምህርትና ዝተኣሳሰር ሕቶን ርይቶን፡ መድረኽ ክፉት እዩ።
- http://video.google.com/videoplay?docid=8117935108417498837&ei=k7vdSJeRA4TyqAO8luSmBA&q=Patriarch+Antonios+